ungdata | OSLOMET STORBYUNIVERSITETET VELFERDSFORSKNINGSINSTITUTTET NOVA

# ሓበሬታ ንወለዲን/ኣላይቲን ቈልዑትን/መንእሰያትን ብዛዕባ ዳህሳስ/ምርምራዊ መጽናዕቲ ኡንግዳታ

እብዚ ዓመት'ዚ፣ ኣብ ደቅኹም ዝመሃርሉ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ኡንጉዳታ ዳህሳስ ክካየድ'ዩ። ኩሎም ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብቲ ምምሕዳርን ዘለዉ፣ ኣብቲ ድህሳስ ክሳተፉ ዕዱማት'ዮም። እቲ ዳህሳስ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ጽድያ እዩ ክካየድ። ዕላማ እቲ ዳህሳስ፣ ቈልዑትን መንእሰያትን ከመይ ከም ዘለዉ፣ ከምኡ`ውን ኣብ ነጻ ግዜኦም እንታይ ከም ዝገብሩ ሓፈሻዊ ስእሊ ንምርካብ'ዩ።

## ዕላማ ናይቲ ዳህሳስ/ምርምራዊ መጽናዕቲ

- ቈልዑትን መንእሰያትን ኣብዚ ምምሕዳር/ኮሙነ'ዚ ምዕባይ፣ እንታይ ከም ዝመስል፣ ንፖሎቲከኛታትን ናይ መንግስቲ ሰብ መዚን ምምሕዳር/ዞባን ዝገልጽሉ ዕድል ንምፍጣር'ዩ።
- ናይ ህጻናት ኣታዓባብያ ኩነታት ንምምሕያሽ ኣብ ስራሕ ምምሕዳር/ኮሙነ ዘገልግል ኣፍልጦ ምርካብ።
- ኣብ ከባብያዊ ምምሕዳራትን ኣብ ሃገር ብዓቢኡን፣ ቈልዑን መንእሰያትን ዝዓብዩሉ ዘለዉ ኩነታት ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ዝያዳ ኣፍልጦ ንክህሉ መጽናዕታዊ ምርምር ምርካብ።

## ኣብዚ ዳህሳስ ኡንጉዳታ፣ ኣንታይ ኢና ንሓትት?

- ኣዕሩኽትኻን፡ ናይ ነጻ ግዜን፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት
- ስድራ ቤት፡ ቤት ትምህርቲ፡ ኩነታት ከባቢኻን
- ናይ ጥዕና፣ ጽቡቕ-ህላዌን ዓይነት ሂወትን
- ዳህላ/mobbing
- ጾታን ደረጃ ትምህርቲን/ klassetrinn ትኸዶ ዘለኻ

## ብደረጃ ጁንየር እውን ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ንሓትት ኢና

- ምጥሓስ መምርሒ፣ ዕጸ ፋርስ/ኣልኮል ምጥቃም
- ባእሲን ምግፋዕን
- ደረጃ ትምህርቲ ወለድኻ

## ብኸመይ'ዩ ናይ ኡንግዳታ ዳህሳስ ዝካየድ

- ነቲ መጽናዕታዊ ሕቶታት ንምምላስ ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍለ ግዜ (ሰዓት) ተታሒዙ ኣሎ።
- እቲ ዳህሳስ፣ መጽናዕታዊ ሕቶታት ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ኣብ መመለሲ ገጽ ኡንግዳታ ብናይ ሓደ ግዜ ብሃውሪ ዝውሃበካ መሕለፊ ኮድ (ፓስዎርድ) ጌርካ ብምእታው ይምለስ።
- ተማሃሮ መልሶም ኣብቲ ዝተዳልወ መሕተቲ ቅጺ ጭሕጋር ምልክት ብምግባር ይምልሱ።
- ኣብቲ መሕተቲ ቅጺ ዘለዉ ሕቶታትን መልስን ብድምጺ ክንበበልካ ይከኣል እዩ። እዚ ክትግበር እንተ ኮይኑ ግን፡ መድመጺ እዝኒ ክትጥቀም ግድን'ዩ።
- ገለ ተማሃሮ ንኽሳተፉ ምምችቻው ከድልዮም ይኽእል እዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ምምችቻው ክትግበረሉ ዝኽእል ሓበሬታ ረኺቡ ኣሎ።

## ናይ ምድላው ስጉምቲታት

ኣገልግሎት ጥዕና ቤት ትምህርቲ፣ ድሕሪ እቲ ዳህሳስ ምክያዱ ክዘራረቡ/ምክትታል ዘድልዮም ተመሃሮ፣ ከዛራርብ ተዳልዩ ክጸንሕ`ዩ።

## ምስታፍ ብነጻ ድልየት'ዩ

- ተመሃሮ ኣብ ዳህሳስ ክሳተፉ ወይ ከይሳተፉ ዝውስኑ ባዕላቶም እዮም።
- እቶም ዝምልሹ እቲ ክምልስዎ ዘይደልዩ ሕቶ ክሰግርዎ ይኽእሉ እዮም። እንተደልዮም'ውን ምምላስ ድሕሪ ምጅማር ኣብ መንጎ ከቛርጽዎ ይኽእሉ እዮም።

## ፍቓድ ካብ ወለዲ/ኣለይቲ

- ከም ወለዲ/ኣለይቲ ውላድኩም፣ ኣብዚ ዳሃስሳ ክሳተፍን ከይሳተፍን ትውስኑ ንስኹም ኢኹም።
- እንተድኣ ውላድኩም ክሳተፍ ትደልዩ ኬንኩም፣ ዋላሓንቲ ምግባር ኣየድልየኩምን እዩ።
- እንተድኣ ውላድኩም ክሳተፍ ዘይትደልዩ ኬንኩም ግና እቲ መጽናዕታዊ ምርምር ቅድሚ ምጅማሩ ንናይ ክፍሊ መምህሩ ወይ ንቤትትምህርቲ መልእኽቲ ሃቡ።

## ስትረት ግላዊ ሓበሬታ

- እቲ ዳህሳስ ብሽም ኣልቦ እዩ ዝካየድ፡ በቲ እተኣከበ ሓበሬታ ኣቢልካ ንውልቀ-ሰባት ክተለሊ ዝከኣል ኣይኮነን።
- ኩሎም መልስታት ብጥብቂ ምስጢራውነት ክተሓዙ እዮም።.

## ንኡንግዳታ ዳህሳስ ሓላፍነት ዘለዎ መን 'ዩ

እቲ መጽናዕቲ ብተልእኾ ምምሕዳር ከተማ፣ ብኖቫ (ማሕበራዊ ምርምር ኖርወይ) ዝተባህለ፣ ኣብ ኦስሎመት- ኦስሎ ሜትሮ ፖሊታን ዩኒቨርስቲን ዞባዊ ማእከል ኣብ መጽናዕቲ ዓውዲ ወልፈታት (መስተን ዕጸፋርስ ዝኣመሰሉ) ኮሮስ/**KORUS** ዝካየድ እዩ።

## ርክብ ሓበሬታ

ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ምስቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ዞባኹም KORUS ተወከሱ።

ወለዲ/ኣለይቲ ምስ ኮሩስ ብምርኻብ ናይቲ መሕተቲ ቅጥዒ ብቛንቋ ኖርወይ ወይ ብእንግሊዝኛ ክለኣኽልኩም ይከኣል እዩ።

ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኡንግዳታ ክትረኽቡ ኢኹም። http://www.ungdata.no/informasjon-til-ungdom-og-foresatte/